Kanton Zürich
Bildungsdirektion
Volksschulamt

# ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ዙሪክ

## ሓበሬታ ንወለዲ


ቤት-ትምህርቲ ንቆልዑን ንመንእሰያትን ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ጸላውን ዓቢ ተራ ዘለዎን እዩ። ነቲ ናይ ስድራ ኣተዓባብያ ይምልእ። ውላድኩም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝተፈላለየን ጠቓምን ናይ ምጽናዕን ናይ ህይወትን ተመኩሮ የጥሪ። ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን መሰል ናይ ትምህርቲ ኣለዎም። ኣብ መዋእለ ህጻናትን ኣብ ቤት-ትምህርትን ኣብቲ ዝነብሩሉ ቦታ ብዘይ ክፍሊት ይምሃሩ።
እሽኻትኩም ድማ ከም ወለድን መዕበይቲ ቆልዑን መማህራንን ቤት-ጽሕፈት ኣብያተ ትምህርትን ግዲኦም ምእንቲ ከማልኡ ትተሓባበርዎም። ኩልኻትኩም ብሓባር እንዳሰራሕኩም ኣብቶም ቆልዑን መንእሰያትን ብሓባር ሓላፍነት ትስከሙ። ቀጻሊ ነንሕድሕድኩም ሓበሬታ እንዳተለዋወጥኩምን ኣንዳተመያየጥኩምን ደቅኹም ጽቡቕ ግዜ ናይ ትምህርቲ ንኽህልዎም ዘድልዮም ሓገዛት ከምዝረኽቡ ትገብሩ።

## ተልእኾን ዕላማታትን ኣብያተ ትምህርቲ

ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ካንቶን ዙሪክ ኣብ መሰረታዊ መስመራት ናይ ደሞክራስያዊ ሰርዓት ሃገር እዩ ዝምርኮስ። ብሃይማኖትን ብፖለቲካን ገለልተኛ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ውላድኩም ባህልናን ሕብረተሰብናን ብልክዕ መእንቲ ንኽርድኦ: ብዛዕባ ክርስትና: ሰብኣውነትን ደሞክራስያውን ስነ-ምግባራውን ኣተሓሳስባን መሰረታዊ ፍልጠት ከጥሪ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ክኸውን ከሎ ግን ናትኩምን ናይ ደቅኹምን ሃይማኖታዊ ናጽነት ሕሉው እዩ።

ኣብ እዋን ግዴታዊ ትምህርቲ ደቅኹም መሰረታዊ ፍልጠትን ክእለታትን የጥርዩን የማዕብሉን። ነቲ ዝቕጽል ትምህርትታት ድልዋት ከምዝኾኑ ውን ይግበር። ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ደቅኹም ንሰባትን ንኣከባብን ክብሪ ንኽህቡ ድፍኢት ይገብር። ብኸምዚ መንገዲ ህጻናትኩምን መንእሰያትኩምን ነብሶም ዝኽኣሉን ሓላፍነት ዝስከሙን ኮይኖም ኣብቲ ሕብረተሰብ ቦትኦም ዝረኽቡ ኣካል ሕብረተሰብ ይኾኑ።
ግዴታዊ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ከም ንቡር ንዓሰርተሓደ ዓመት ይካየድ። ግዴታ ናይ ትምህርቲ ኣብ ግላዊ ቤት-ትምህርትታት ወይ ግላዊ ቤታዊ ትምህርቲ (Homeschooling) ውን ክማላእ ይኽእል እዩ።

## መግለጺ ናይ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ዙሪክ



## ምጅማር ናይ ትምህርቲ እዋን

ውላድኩም ክሳብ ዕለት 31 ሓምለ ኣርባዕተ ዓመቱ ምስዝመልእ: ኣብቲ ዝስዕብ ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ዝርከብ መዋእለ-ህጻናት ይኣቱ። ኣበየናይ መዋእለ-ህጻናት ከምዝምደብ ብቤት-ጽሕፈት ኣለይቲ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) እዩ ዝውሰን።

## ዓመተ-ትምህርቲ

ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ ፍርቂ ነሓሰ ጀሚሩ ፍርቂ ሓምለ ናይ ዝቕጽል ዓመት ይውድእ። ውላድኩም ኣብ ሓደ ዓመተ-ትምህርቲ ብጠቕላላ 13 ሰሙን ዕረፍቲ ኣለዎ። እዚ ሰሙናት ኩሉ ብሓንሳብ ዘይኮነ: ዕረፍቲ ናይ ቀውዒ: ናይ ልደት: ናይ ስፖርት: ናይ ጽድያን ናይ ሓጋይ ተባሂሉ ዝተኸፋፈለ እዩ።

## ሓደ መዓልቲ ትምህርቲ

እቲ ትምህርቲ ወይ እቲ ኣገልግልት ምእላይ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንኹሎም ቆልዑ ንግሆ ካብ ሰዓት 8 ክሳብ ሰዓት 12 እዩ (ክህልውሉ ዘለዎም ሰዓታት/Blockzeiten) ። ኣብ እዋን ድሕሪ ቀትሪ ነፍስ ወከፍ ክፍሊ ነናቱ ውጥን ናይ ትምርህቲ ኣለዎ። ከም ወለዲ መጠን ወላድኩም ኣብ ሰዓቱ ቤት-ትምህርቲ ንኽመጽእ ብምሰረት ውልቃዊ ውጥን ትምህርቱ ውን ትምህርቱ ንኽከታተል ሓላፍነት ትስከሙ። ምምሕዳራት (ገማይንደታት) ብወገነን ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ሰዓታት ኣገልግሎት መእለዩ ቆልዑ ይቕርባ። እዚ ኣገልግሎት ከም ንቡር ክፍሊት ኣለዎ።

## መዋእለ-ህጻናት ንክልተ ዓመት ይካየድ

እተን መጀመርታ ክልተ ዓመታት ውላድኩም ኣብ መዋእለ-ህጻናት እዩ ዘሕልፎ። ኣብዘን ክልተ ዓመታት ውልቃዊ ዕቤቱ ንኽማዕብል ብዝተፈላለየ ሜላታት ይሕገዝን ድፍኢት ይግበረሉን። ከምኡውን ንመባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ንኽሓልፍ ይዳሎ። ኣብ ትምህርቲ ናይ መዋእለ-ህጻናት ቋንቋ ስዊስ ጀርመን እዩ ዝዝረብ።

## መባእታዊ ትምህርቲ ሽድሽተ ዓመት ይካየድ

ውላድኩም ኣብ ሽድሽተ ዓመቱ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ይኣቱ። መበቆሎም: ጾትኦም: ዓቕሚ ትምህርቶም ብዘየገድስ: ኩሎም ተመሃሮ ኣብ እዋን መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ብሓባር እዮም ዝምሃሩ። ከም ንቡር ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ቀንዲ መምህር ናይ ክፍሊ ይቕየር እዩ። ብዙሕ ግዜ ውን እቶም ተመሃሮ ናይታ ክፍሊ ከምብሓድሽ ይቀያየሩ።

ኣብ መባእታ ቤት-ምህርቲ ውላድኩም ናይ ምንባብ: ምጽሓፍን ቁጽርን ክእለት የጥርን የማዕብልን የደልድልን። መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ብተወሳኺ ንኢደ ጥበብ: ሙዚቃ: ስፖርት: ተፈጥሮ: ወዲ ሰብ: ሕብረተሰብ: ሃይማኖት: ባህልታት: ስነ-ምግባር: መራኸቢ ብዙሓንን ናይ ኮምፒዩተር ስነ-ፍልጠትን ዝምልከት ትምህርቲ የጠቓልል።

ካብ ካልኣይ ክፍሊ ጀሚሩ ውላድኩም ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ምስክር ወረቐት (ባጀላ) ይወሃቦ። እቲ መስክር ወረቐት ንውጽኢት ትምህርትታቱ: ኣሰራርሕኡን: ናይ ምጽናዕ ጠባዩን ማሕበራዊ ክእለቱን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ።

ኣብ ትምህርታውን ውልቃውን ምዕባሌኦም ደገፍ ዘድልዮም ቆልዑ ብፍሉይ ኣገባብ ኣመሃህራ ይሕገዙ። ፍሉይ ተውህቦ ንዘለዎም ተመሃሮ ድፍኢት ምግባር ውን ምስዚ ዓይነት ኣገባብ ኣመሃህራ ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣየኖት ኣገባባት ወይ ስጉምትታት ኣድለይቲ ከምዝኾኑ ኣብያተ ትምህርቲ ይውስኑ። ከም ንቡር እዚ ምስ ወለዲ ብምስምማዕ እዮም ዝውስንዎ።
ድሕሪ ሽድሽተ ዓመት መባእታ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ይሰግር። ውላድኩም ኣብ ቋንቋ ጀርመንን ኣብ ቁጽርን አዚዩ ልዑል ውጽኢት ምስዘርኢ: ንጂምናዝየም ክምዝገብ ይኽእል። ናብኡ ዘእቱ መርመራ ምስዝሓልፍ ድማ እቲ ቤት-ትምህርቲ ይቕበሎ። ብኸምዚ መንገዲ ውላድኩም ንህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ገዲፉ ነተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዓመታት ናይ ትምህርቲ ግዴትኡ ኣብ ጂምናዝየም ይማልአን።

## እቲ ንሰለስተ ዓመት ዝካየድ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (Sekundarschule) ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ክፋላት ዝተመቐለ እዩ።

ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ውላድኩም ነቲ ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ ዘጥረዮ ፍልጠትን ክእለትን የዕሙቖን የስፍሖን። ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ተወሳኺ ዓይነት ትምህርትታት ከም ተፈጥሮ: ተክኒካዊ ክእለት: ቁጠባ: ስራሕን ዘቤታዊ ዕዮን የጠቓልል። ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ንውላድኩም ንሞያዊ ስልጠና ወይ ንዝቕጽሉ ቤት-ትምህርትታት የዳልዎ። መንእሰያት ምእሙእ ዝኾነ ድፍኢት ምእንቲ ክግበረሎም: ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክከምቲ ምምሕዳር (ገማይንደ) ኣብ ክልተ ((A, B) ወይ ሰለስተ (A, B, C) ክፋላት ዝተመቐለ እዩ። A እቲ ኣዝዩ ብዙሕ ክእለት ዝሓታት ክፋል እዩ። ምምሕዳራት ንሓደ ሓደ ዓይነት ትምህርትታት (ሳብጀክትታት) ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ክኸፋፍልዎ ይኽእሉ:- I: II: III። ደረጃ I ልዑል ብቕዓት ዝሓትት እዩ። ደረጃ III ብወገኑ ትሑት ደረጃ ብቕዓት ይሓትት።

## ድሕሪ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ

ድሕሪ ሳልሳይ ዓመተ-ትምህርቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ: እቶም መንእሰያት ክልተ መንገድታት (ኣማራጺታት) ናይ ምቕጻል ትምህርቲ ኣለዎም:- ሞያዊ ስልጠና (መሰረታዊ ሞያዊ ትምህርቲ) ወይ ትምህርቲ ምቕጻል
(ሃይስኩል)። ብገምጋም ክልተ ሲሶ ናይቶም መንእሰያት ናይ ክልተ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ሞያዊ ስልጠና ይወስዱ። ውላድኩም ልዑል ብቕዓት ዝሓትት ሞያ ንኽምሃር ተገዳስነት እንተ ኣለዎ: ኣብ ዝተፈላለዩ ቤትምህርትታት (Gymnasium, Berufsmaturitätsschule, Handels- und Informatikmittelschule፣ Fachmittelschule) ተማሂሩ ማትሪክ ክገብር ይኽእል። በብዓይነቱ ማትሪክ እዩ ዘሎ:- ናይ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ማትሪክ (ናይ ጂምናዝየም): ሞያዊ ማትሪክ (Berufsmaturität) ወይ ንዝተወሰኑ ሞያታት ጥራይ ዝጠቅም ማትሪክ (Fachmaturität)። እዞም ሰለስቲኦም ዓይነታት ናይ ማትሪክ: ውላድኩም ኣብ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ ((Fach) Hoch-schule) ትምህርቱ ንኽቕጽል የፍቅዱሉ። ኣብ ሞያዊ ሂወት እንዳነጠፈ ውን ዝኾነ ሰብ ትምህርቲ ንኽቕጽል ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ኩሉ ዓይነት መንገድታት ናይ ትምህርቲ: ዓበይቲ መንእሰያት ዝተፈላለየ ቀረብ ናይ ምቕጻል ትምርህቲ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

# ህዝባዊ ቤት-ትምህርትን ኣግልግሎቱን

## ቦታን መንገድን ናይ ቤት-ትምህርቲ

ውላድኩም ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ይምሃር። ናይቲ ከባቢ ቤት-ጽሕፈት ኣለይቲ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ኣበየናይ ቤት-ትምህርቲ ከምዝምሃር ይውስኑ። ሓላፊ/ት ቤትምህርቲ ብወገኑ/ና ንውላድኩም ኣብ ሓደ ክፍሊ ናይቲ ቤት-ትምህርት ት/ይምድቦ። ብሓፈሽኡ ውላድኩም ባዕሉ እዩ ንትምህርቲ ዝመላለስ። ውላድኩም ቤት-ትምህርቲ እንዳኸደ ኣብ መንገዲ ማሕበራዊ ተመኩሮ የጥሪ: ንዓለም ይፈልጣ: ምስ ካልኦት ቆልዑ ርክባት ይገብር: ከምኡውን ስጉምቲ ብስጉምቲ ናቱ ባህሪ ወይ ሰብኣዊ መንነት የማዕብል።

## ሰዓታትን ትምህርትን (Blockzeiten) መጽንሒ ቆልዑን

ናይ ትምህርትን ናይ ምእላይ ቆልዑን ሰዓታት ካብ ሰዓት 8 ክሳብ ሰዓት 12 ይካየድ። ቤት-ጽሕፈት ኣለይቲ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ብምምሕዳራዊ ምኽንያት እንተበዝሐ ን20 ደቓቕ ከሕጽሮ ይኽእል። ምምሕዳራት (ገማይንደታት) ነቲ ናይ ምሳሕ ሰዓታትን ናይ ድሕሪ ቀትሪ ትምህርትን ብዝተፈላለየ ነናተን ኣገባብ ጌረን የመሓድሮኦ። ኣብ እዋን ምሳሕ ውላድኩም ገዛ ንኽመጽእ: ንኽምሳሕን ንቤት-ትምህርቲ ንኽምለስን እቲ ሰዓታት እኹል ክኸውን ኣለዎ። ምምሕዳራት: ኣገልግሎት መጽንሒ ቆልዑ ኣድላይ ድዩ ኣይኮነን ኣጻርየን (ንግሆ: እዋን ምሳሕ: ድሕሪ ቀትሪ) ኣብ እዋን ትምህርቲ ካብ ሰዓት 7.30 ክሳብ 18 ዘሎ እዋን ምስቲ ኩነታት ዝተመጣጠነ ኣገልግሎት የቕርባ። ካብቲ ሰዓታት ትምህርቲ (Blockzeiten) ወጻኢ ዝኾኑ ኣገልግሎታት ናይ ምእላይ ቆልዑ ከም ንቡር ክፍሊት ኣለዎም።

## ፍሉይ ድፍኢት ምግባር

ውላድኩም ውላዓ ኣብ ሓደ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ፍሉይ ሓገዝ ወይ ድፍኢት የድልዮ ይኸውን: ብሓፈሽኡ ኣብቲ ስሩዕ ክፍሊ እዩ ዝምሃር። ውላድኩም ገና ሕጽረት ቋንቋ ጀርመን ወይ ናይ ምጽናዕ ጸገማት ወይ ድኽመታት ወይ ድማ ሓያል ጎንታትን ፍሉይ ተውህቦታትን ምስዝህልዎ: ብሞያውያን ክኢላታት ተወሳኺ ሓገዝ ይግበረሉ። ውላዱም ኣብ ማዕርነት ዝተመርኮሰ ኩነታት ትምህርትን ምስ ኣድላይነቱ ዝመጣጠኑ ደገፋትን ክረክብ መሰሉ እዩ። ውላድኩም ብዘይካ እቲ ስሩዕ ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ናይ ድፍኢት ኣገልግሎታት ክረክብ ይኽእል፦ ተወሳኺ ሓገዝ ኣብ ክፍሊ Integrative Förderung): ፍወሳታት ወይ ክንክን (Psychomotorik, Logopädie, Psychotherapie, Audiopädagogik), ቋንቋ ጀርመን ከም ኣልኣይ ቋንቋ (Deutsch als Zweitsprache), ተወሳኺ ብወለንታ ዝውሰድ ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ኣደን ባህልን: ኣብ ስሩዕ ክፍሊ እንታዳተመሃረ ናይ ፍሉይ ደረጃ ትምህርቲ ምውሳድ (integrierte Sonderschulung): ፍሉይ ቤት-ትምህርትታት (Sonderschulen): ናይ ሆስፒታልን ክሊኒክን ቤት-ትምህርቲ: ከምኡውን ኣብ ሓደ ሓደ ምምሕዳራት  ንፍሉይ ተውህቦ ዘለኦም ተመሃሮ ድፍኢትን ፍሉይ ዓይነት ክፍልታትን ከም ኣብነት ነኣሽቱ
ክፍልታት (Einschulungs-, Klein- und Aufnahmeklassen) ይርከቡ። ውላድኩም እንተተኻኢሉ በዚኦም ዝተጠቐሱ ኣገልግሎታት ኣብ ውሽጢ ስሩዕ ክፍሊ: ኣድላዩን ምኽንያታዊ ምስኸውን ውን ካብ ስሩዕ ክፍሊ ወጻኢ ይሕገዝ።

## ጥዕና

ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጥዕና ወላድኩም ኣገዳሲ ኢዩ። ትምህርታዊ ኣገልግሎት ሕክምና፡ ስኒ ከይበላሾ ምክልኻል (ጽሬት ስኒ)፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣገልግሎት ቤት-ትምህርትን (Schulpsychologische Dienst) ማሕበራዊ ስራሕ ቤት-ትምህርትን (Schulsozialarbeit)፡ ኣብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ንጥዕና ዘሐይል ኣገባባት/ስጉምትታት የቕርቡ። ኩሎም ተመሃሮ ብሓፈሻዊ ሓኪምን ናይ ስኒ ሓኪምን ይምርመሩ። እዚ ሕክምናዊ መርመራ ግዴታዊ እዩ። ብተወሳኺ እኹል ምንቅስቓስን መጠናዊ ኣመጋግባን ኣብ ጥዕናዊ ዕቤት ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ወሳኒ ኢዩ። እቲ ቤት-ትምህርቲ ንዓኻትኩም ከም ወለዲ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዘሎ ንጥዕና ዝምልከት ኣርእስትታት ይሕብረኩም። ብተወሳኺ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ደገ ክኢላታት ክጽውዑ ይኽእሉ፡ ነኣብነት ሕግታት ጽርግያን ትራፊክን፡ ምትብባዕ ናይ ምንቅስቓስ ወይ ትምህርቲ ጾታዊ ኣርእስትታት።

## ወለድን ህዝባዊ ቤት-ትምህርትን

ናይ ተመሃሮ ትምህርትን ኣተዓባብያን ናይ ወለድን ናይ መማህራንን ናይ ሓባር ዕላማ እዩ። እዚ ናይ ሰለስተ መኣዝን ሓበራዊ ስራሕ ናይ ወለዲ፡ መማህራንን ተመሃሮን፡ እቲ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ንትምህርታዊ ዓወት ናይ ቆልዑ እዩ። ኣብያተ ትምህርቲ ንዓኻትኩም ከም ወለዲ ብዛዕባ ጠባይን ውጽኢታትን ናይ ውላድኩም ቀጻሊ ይሕብራኩም። ከምኡውን ብመሰረት ምሽታዊ ኣኼባ፡ ናይ ወለዲ ትምህርቲ፡ ናይ ፕሮጀክትታት ሰሙናት ናይ ቤት-ትምህርትን፡ ናይ ዕረፍቲ መጻወቲ ቦታ ምድላው፡ ወለዲ ቤት-ትምህርቲ ዝበጽሑሉ ዕለት ብምፍላይን፡ ወዘተ፡ ወለዲ ኣብ ጉዳያት ኣብያተ ትምህርቲ ንኽሳተፉ ባይታ ይቕርባሎም። እዚ ሓፈሻዊ ምስታፍ ንዓኻትኩም ከም ወለዲ ግዴታዊ ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ሓደ ፍሉይ ኩነታት ግን ቤት-ጽሕፈት ኣለይቲ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ወይ ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ገሊኡ መደባት ምስታፍ ግዴታዊ ክገብርዎ ይኽእሉ። ኣብ ምምራጽ ሰራሕተኛን ኣብ ሜላ ኣመሃህራን ወለዲ ናይ ምስታፍ መሰል የብሎምን።

ውላድኩም ክትኣልዩ፡ ውላድኩም ትምህርቱ ቀጻሊ ክኸይድን ትምህርታዊ ግቡኡ ከማልእን እስኻትኩም ከም ወለዲ ሓላፍነት ትስከሙ ኢኹም። ንትምህርቲ ኣገዳሲ ምስዝኸውን፡ ብዛዕባ ጠባይ ውላድኩምን ኣብ ከባቢኡ ዘጓንፉ ነገራትን ንመማህራን ወይ ንሓላፊ/ት ቤት-ትምህርቲ ትሕብሩ። እቲ ቤት-ትምህርቲ ንውላድኩም ዝምልከት ኣገደስቲ ብፍላይ ንትምህርታዊ መንገዱ ዝምልከት ውሳኔታት ኣስፊሑ ምሳኻትኩምን ምስ ውላድኩምን ክዘራረበሉ እዩ። ከም ወለዲ ውላድኩም ኣብ እዋን ዑደት እቲ ዘድሊ ክዳውንትን ናውትን ከምዝህልዎ ትገብሩ። ውላድኩም ከም ተመሃራይ መጠን ግዴታታቱ የማልእን ኣብ ከይድን ስርዓትን ቤት-ትምህርቲ ብንጥፈት ይሳተፍ። ኣብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ተመሃሮ ምስ ዕድሚኦምን ደረጃ ዕብየቶምን ዝመጣጠን ናይ ሓላፍነት ምስካምን ኣብ ውሳኔ ናይ ምስታፍን መሰል ኣለዎም። ዕድሚኦም ወይ ካልእ ኣገደስቲ ነገራት ነዚ ክሳብ ዘይተጻረርዎ፡ ንዖኦም ኣብ ዝምልከቱ ውሳኔታት ተሳተፍቲ ይኾኑ።

## ኣብ እዋን ጸገማት እንታይ ይግበር፤

መማህራንን ወለድን ቀልጢፎም ነንሕድሕዶም ሓበሬታ ይወሃሃቡ።
ንዓኻትኩም ከም ወለዲ መጀመርታ ነቲ/ነታ ቀንዲ መምህር
ናይ ውላድኩም ኢኹም ትውከስዎ/ዋ። እቲ ጸገማት ምስ መምህር ተዛሪብኩም ክትኣልይዎ
እንተዘይክኢልኩም ምስ ሓላፊ/ት ቤት-ትምህርቲ ተዛረቡ። ድሕርዚ ውን
ገና ፍታሕ ምስዘይትረኽቡ ነቶም ናይ ከባቢኹም ቤት-ጽሕፈት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ማለት ቤት-ጽሕፈት ኣለይቲ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ተወከስዎም።

## ንቤት-ትምህርቲ ዝምልከት

### ፍቓድ ናይ ብኩራት

ከም ወለዲ ኣቐዲምኩም ንትፈልጥዎ ብኩራት: ውላድኩም ካብ ትምህርቲ ንኽብኩር ናይ ፍቓድ ሕቶ ክተቕርቡ ይግባእ። ቤት-ትምህርቲ ብብቑዕ ምኽንያት ውላድኩም ካብ ቤት-ትምህርቲ ንኽብኩር የፍቅደሉ። ቤት-ትምህርቲ እዚ ክገብር ከሎ ውልቃዊ: ስድራቤታውን ትምህርታውን ኩነታት ኣብ ግምት የእቱ።

### ናይ ጆከር መዓልትታት

ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓመተ-ትምህርቲ ውላድኩም ምኽንያት ብዘይ ምሃብ ክልተ መዓለቲ ካብ ቤት-ትምህርቲ ክብኩር ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ናይ ጆከር መዓልቲ/ታት ክውሰድ እንድሕር ኮይኑ ወለዲ ኣቐዲሞም ንቤት-ትምህርቲ ክሕብሩ ኣለዎም።

### ዕረፍቲ

ኣብ ካንቶን ዙሪክ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ እንተበዝሐ 13 ሰሙን እዩ። ናይ ትምህርቲ ምምሕዳራት (ገማይንደታት) ብተወሳኺ ካብ ትምህርቲ ነጻ ዝኾና ኣርባዕተ መዓልትታት ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ እዘን መዓልትታት ናይቲ ከባቢ በዓላት ኣብ ዝውዕሉሉ ዕለታት ይኾና: ከም ኣብነት ፋስናኽት (Fasnacht) ወይ ኺልቢ (Chilbi)። እተን ኣርባዕተ መዓልትታት ምምራጽ ግን: ነቲ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ናብ 14 ሰሙን ክወስዶ ወይ ከብጽሖ የብሉን።

### ምስ ክእለት ዝተኣሳሰረ ገምጋምን ምስክር ወረቐትን (ባጀላ)

መማህራን ንውላድኩም ብመሰረት ናይ ነፍስ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ውጽኢታቱ: ናይ ትምህርቲ ዕቤቱን ኣብ ክፍሊ ዘርእዮ ጠባይን ቀጻሊ ይግምግምዎ። ኣብቲ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ዝካየድ ናይ ወለዲ ዝርርብ መምህር ንውላድኩም ኣብ መዋእለ ህጻናትን ቀዳማይ ክፍልን ብኸመይ ገምጊምዎ/ገምጊማቶ ከምዘሎ/ላ ትሕበሩ። ኣብተን ዝስዕባ ክፍልታት ውላድኩም ኣብ ጥርን ኣብ ምውዳእ ዓመተ-ትምህርትን (ሓምለ) ነጥብታቱ ዝገልጽ ምስክር ወረቐት (ባጀላ) ይወሃቦ። ኣብ እዋን ምስጋር ካብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ቀንዲ መምህር ምሳኻትኩምን ምስ ውላድኩመን ናይ መሰጋገሪ ዝርርብ የካይድ።

## ንወለዲ መን ሓብሬታ ክህቦም ይኽእል፧

ከም ወለዲ ኩልጊዜ መጀመርታ ንናይ ውላድኩም መምህር ተወከሱዎ/ዋ። ብዛዕባ ኩለን ኣገደስቲ ሓበርቲ ትካላት ከምኡውን ኣገልግሎታት ከም ሓኪም ናይ ቤት-ትምህርቲ ወይ ቤት-ጽሕፈት ኣለይቲ ቤት-ትምህርቲ: ካብ ናይ ከባቢኹም ክፍሊ ምምሕዳር ቤት-ትምህርቲ (Schulverwaltung) ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ምምሕዳራት ቤት-ትምህርቲ (ገማይንደታት) ኣብዚ እዋን'ዚ መርበብ ሓበሪታ (ወብስይት) ኣለዎም። ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ናተን ድሕረ ገጽን መርበብ ሓበሬታን ብዙሕ ሓበሬታ ቀሪበናልኩም ኣለዋ።

## ተወሳኺ ሓበሬታታት

ዝርዝር ሓበሬታታትን ቁጽሪ ተሌፎን ናይ ኣገደስቲ ሓበርቲ ትካላትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ (ወብሳይት) ናይ ክፍሊ ትምህርትን (Bildungsdirektion) ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ትምህርትን (Volksschulamt) ክትረኽቡ ትኽእሉ።

www.zh.ch/volksschule

www.zh.ch/bildungsdirektion

Bildungsdirektion, Volksschulamt
Walchestrasse 21, 8090 Zürich
Telefon 043 259 22 51